

መም ተኪአ መብራህቱ

# ጳራቅሊጦስ ...

፬ይ ክፋል

## ... ኣብ ተመክሮ ቆርኔሌዎስ

ቅድሚ ናብ ሰማይ ምዕራጉ፡ የሱስ ክርስቶስ ንደቀ-መዛሙርቱ፡ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ኪምህሮም ከሎ፡ ብፍሉይ ስም ከለልይዎ ይሕብረሎም። መንፈስ ቅዱስ ጳራቅሊጦሶም ከም ዚኸውን ድማ ይነግሮም።

ጳራቅሊጦስ ማለት፡ መንፈስ ቅዱስሲ እቲ ዚበለጸ ብጻዮም ከም ዚኸውን ይነግሮም፡ ፡ ኣብቲ ህይወቶም፡ ኣብቲ ሕብረቶም፡ ኣብቲ ናይ ወንጌል ዕጥቀምን ገድሎምን፡ እቲ ዚበለጸ ብጻዮም ብተመክሮ ዚፈልጥዎ ከም ዚኾኖም ኣኽሪሩ ይምህሮም።

ነዚ ተመክሮ እዚ ከም ጳራቅሊጦስነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ከለልይዎ ይምህሮም። ብዛዕባ እዚ ኣብ ዚሓለፉ ሕታማት ቍጽሪ 54ን 55ን ከምኡ ድማ 56 ናይ መጽሄት ብሰራት ተዛቲናሉ ኔርና።

ሎሚ ድማ ተመክሮ ጳራቅሊጦስነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ቆርኔሌዎስ ብዚብል ኣርእስቲ ተዛቲና ትምህርትና ኽንድምድሞ ኢና።

1. ጳራቅሊጦስ ኣብ ቆርኔሌዎስን ሰቡን - ሓዲስ ምዕራፍ ናይ (1) ብእምነት ልቢ ዜጽሪ ተመክሮ፡ (2) ናይ ንምምስካር ብዛዕባ ጸጋ የሱስ ክርስቶስ ሓይሊ ዜልብስ ተመክሮ፡ (3) ሓዲስ ዓቕሚ ናይ ቅዱስ ሕብረት ኣመንቲ ዚፈጥርን ዚዅስኵስን ጸጋ ኣብ ተመክሮ ጳራቅሊጦስ ናይ ቆርኔሌዎስን ሰቡን ንመልከቶ።

1.1. ሓድሽ ምዕራፍ ናይ ዘበናት ባህልን ታሪኽን ዚጠሓሰ ተመክሮ ጳራቅሊጦስነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ቆርኔሌዎስን ሰቡን፡ ንጴጥሮስ ኰነ፡ ነቶም ካልኦት ሃዋርያት ከምኡ'ውን ነቶም ካልኦት ክርስትያናት ኣይሁድ ዘይተጸበይዎ መስተንክር ዚኾነ ሓድሽ ተመክሮ፡ ሓድሽ ጠሓሲ ምዕራፍ እዩ ኰይንዎም።

በዚ ነተኹረሉ ዘሎና መጀመርታ ዛንታ ናይ ቆርኔሌዎስ፡ እቲ ምስፋሕ ወንጌል ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ ክልተ ዚነቐለ እናገስገሰ ካብ ዚኸይድ ድማ ሸሞንተ ዓመታት ኣቢሉ ኰይኑ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ኣይሁድ እተደረተ፡ ንኣህዛብ ድማ ብዕሊ ዘይተበሰረ ወንጌል እዩ ነይሩ።

ክሳዕ ሽው ከምዚ ተመክሮ ናይ ቆርኔሌዎስ ተመክሮ ጳራቅሊጦስ ኣብ ኣህዛብ ተራእዩ ዘይፈልጥ ተሞክሮ እዩ ነይሩ። ቆርኔሌዎስን ቤተ-ሰቡን ከኣ፡ ሮማውያን (ኣህዛብ) ድኣ እምበር ኣይሁድ ኣይነበሩን።

ቆርኔሌዎስ ሮማዊ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ተራ ሰብ ከኣ ዘይኰነ፡ ሓለቓ ሚእቲ ወተሃደር እዩ ነይሩ። በቲ ጊዜ እቲ ድማ ወተሃደራት ሮማ ኣብ እስራኤል ብህዝቢ

እተጸልኡን እተፈንፈኑን እዮም ነይሮም።

ሃዋርያ ጴጥሮስ ብባህሊ ኣይሁድ ኣኽሪሩ ዚቕየድ ዓይነት ሰብ ነይሩ እንተ ዚኸውንሲ፡ እንዳ ቆርኔሌዎስ ኣይምኣተዎን ነይሩ። ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 10፡28፡

> ንኣይሁዳዊ ሰብኣይ ምስ ናይ ካልእ ህዝቢ ሰብ ኪሕወስ ወይስ ናብ ቤቱ ኺኣቱ ኽም ዘይግብኣ፡ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም፡ **ይብል፡**

ቀጺሉ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 11፡2-3 ድማ፡

> ጴጥሮስ ናብ የሩሳሌም ምስ ደየበ ግና፡ እቶም ሰብ ግዝረት ዝኾኑ፡ ናብ ዘይተገዝሩ ሰባት ኣቲኻ፡ ምሳታቶም ከኣ በሊዕካ ኢሎም ተበኣስዎ፡፡

1.2. ንጹር ሓበሬታ ክርስትያን ምኻን እንታይ ምኻኑ።

ቆርኔሌዎስ ኣብ ቂሳርያ ኣብ እስራኤል እኳ እንተ ነበረ፡ ወትሃደራቱ ሕዋስ ዘይብሎም፡ እተመርጹ፡ ካብ ሮማ ዝተመደቡ ኢጣልያውያን እዮም ነይሮም።

ቆርኔሌዎስን ብጾቱን ኣብ ናይ ሃይማኖት፡ ኣብ መንፈሳዊ ነገራት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ናይ ክርስትያን ነገራት ይርከቡ እዮም ኢልካ ኺሓስቡስ ይትረፍ ዘይግመቱ እዮም ነይሮም።

ናይ ብሓቂ ክርስትያን ምኻን በዚ እዋን እዚ ብሕብረተ-ሰብ ኣይሁድ ኰነ፡ ብመንግስቲ ሮማ ተቐባልነት ዘይነበሮ እዩ ነይሩ።

ብዓይኒ ሰብ፡ ብታሪኽ ናይ'ቲ ጊዜ ኣይሁድ፡ ብኹሉ ኵርናዓት እንተ ተመልከትናዮ፡ ቆርኔሌዎስ ኣብነት ናይ ብመንፈስ ቅዱስ እተመልአ፡ ማለት መንፈስ ቅዱስ ጸራቕሊጦሱ ዚኾነ ሰብ ጌርካ ምዝራብ ዘይመስል እዩ።

ብዛዕባ እዚ፡ ይትረፍዶ ነቲ ተራ ኣይሁዳውስ፡ ነቶም ናይ ብሓቂ ክርስትያናት ዚነበሩ ኣይሁድ እኳ ኽይተረፈ ከም ዜደንጽዎም ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 11፡1-12 ተዘንትዩ እንረኽቦ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ጸብጻብ እዩ።

እምበኣርሲ፡ በቶም ክርስትያናት ዚነበሩ ኣይሁድ ከይተረፈ፡ ዘይኣይሁዳዊ ሰብ፡ እሞ፡ ሮማዊ ከም ቆርኔሌዎስ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ተባሂሉ ኺዕለል ዘይእመን ነገር እዩ ነይሩ። ጴጥሮስ ነቶም ዜዘንተወሎም ክርስትያናት፡ ኣይሁድን ንገዛእ ርእሱን እኳ ገሪምዎ።

ሃዋርያ ጴጥሮስ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኣንዳ ቆርኔሌዎስ እተፈጸመ፡ ዘረባኡ ኪድምድም ከሎ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት

> እምብኣርሲ ኣምላኽ ከምቲ ንኣና ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንዝኣመንና ዚሃበና፡ ማዕሬና ገይሩ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ካብ ዚህቦም፡ ኣነ ደኣ ንኣምላኽ ክኽልክሎ ዝኽእል እንታዋይ እየ?
>
> እዚ ምስ ሰምዑ ሃድኡ እሞ፡ እምብኣርከስ ኣምላኽ ነህዛብ ድማ ንህይወት ዚኸውን ንስሓ ሂቡዎም፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ፡ **ይብል** (11፡17-18)።

ስለዚ እዚ ተመክሮ ጸራቕሊጦስ ናይ ቆርኔሌዎስን ቤተ-ሰቡን፡ ኣምላኽ ባዕሉ ዚሰርዖ፡ መጀመርታ ናይ'ቲ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ ታሪኽ ናይ ቤተ-ክርስትያን ምኻኑ ሃዋርያ ጴጥሮስ ንገዛእ ርእሱ ኺድንጽዎ ዚገበሮ እዩ።

**እምበኣርሲ፥ ተሞክሮ ቆርኔሌዎስ፥ ወንጌል ንኣይሁድ ጥራይ ከም ዘይኮነ እተረጋገጸሉ ተመክሮ እዩ። ነዚ ተመክሮ ናይ ቆርኔሌዎስን ሰቡን ኼዘንትዎ ከሎ ሉቃስ ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 10፥44-48 ከምዚ ይብል፥**

ጴጥሮስ ገና እዚ ኺዛረብ ከሎ፡ ኣብቶም ነቲ ቓል ዝሰምዑ ዅላቶም መንፈስ ቅዱስ ወረደ፡፡

እቶም ካብ ወገን ግዝረት ዝኾኑ፡ ምስ ጴጥሮስ ዝመጹ ኣመንቲ ብቛንቋታት ኪዛረቡን ንኣምላኽ ኼመስግኑን ሰምዑዎም እሞ፡ ኣብ ኣህዛብ ድማ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝፈሰሰ ተገረሙ፡፡ ሽዑ ጴጥሮስ፡ እዚኣቶም ከማና መንፈስ ቅዱስ ካብ ተቐበሉስ፡ ከይጥመቑ ማይ ኪኽልክሎም ዚኽእል ደኣ መን እዩ ኢሉ መለሰ፡፡ ብስም የሱስ ክርስቶስ ኪጥመቑ ኸኣ ኣዘዘ፡፡ ድሕርዚ ድማ ቍሩብ መዓልቲ ምሳታቶም ኪቕኒ ለመንዎ፡፡

**እቲ ንሸሞንተ ዓመታት ዚኣክል ኣብ ኣይሁድ ጥራይ ተሓጺሩ ዚነበረ ተመክሮ በረኸት ናይ ጰራቅሊጦስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ንኣህዝብ ድማ ምኳኑ ብዕሊ ንመጀመርታ ደገ እተኸፍተ ብተመክሮ ናይ ቆርኔሌዎስን ስድራ ቤቱን እዩ።**

**ጴጥሮስ ነዚ በረኸት ናይ ጰራቅ ሊጦስነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ብተመክሮ ናይ ቆርኔሌዎስን ሰቡን ዚተኸፍተ፥ ድሕሪ ትሽዓተ ዓመታት ኣቢሉ ኣብ ዕላዊ ጉባኤ ኣብ የሩስሌም ዘኪሩ ይጠቕሶ** (ግብ 15፥7-9)።

ኣቱም ኣሕዋትና፡ ካብ ቀዳማይ ዘመን ጀሚሩ ኣህዛብ ብኣፈይ ቃል ወንጌል ኪሰምዑን ኪኣምኑን ኣምላኽ ካባኻ ትኩም ከም ዝሓረየኒ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም፡፡

እቲ ልቢ ዚፈልጥ ኣምላኽ ከኣ ከምቲ ንኣና ዝሃበና ንኣታቶም’ውን መንፈስ ቅዱስ ብምሃቡ መስከረሎም፡፡ ልቦም ብእምነት ምስ ኣንጽሄ፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎኦምን ሓንቲ እኳ ኣይፈላለየን፡፡

**እምበኣርሲ፥ ኣምላኽ ብቆርኔሌዎስ ሓድሽ ምዕራፍ ንዅሉ ሰብ ከፈቱ። ንጴጥሮስ፥ ነቲ ዓቢ ሃዋርያ ከምኡ’ውን ነቶም ኣይሁድ ክርስትያናት ከይተረፈ ሓድሽ ምዕራፍ ከፈቱሎም። እቲ ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ንሃዋርያት፥ ንእተፈልዩ ዓሌታት (ከም ክርስትያናት ኣይሁድ) ጥራይ ከም ዘይኮነ ኸኣ ብተመክሮ ናይ ቆርኔሌዎስን ሰቡን ገይሩ ይምህር ኣሎ።**

**እዚ ኸኣ፥ ሓደ ሰብ ዓሌቱን፥ ዓዱን፥ ሕብረተ-ሰቡን፥ ደርቡን ሽመቱን ዝንኡን ብዘየገድስ፥ ንነፍስ ወከፍ፥ ብዘይ ኣፈላልይ ንብምሉእ ልቡ ብየሱስ ክርስቶስ ዚኣምን ዘበለ ምኻኑ ዜረጋግጽ ሓቂ እዩ።**

**ክርስትያናት ምስ እኒ ሃዋርያ ጴጥሮስን ብጾቱን፥ ምስ እኒ ቆርኔሌዎስን ስድርኡን ብጰራቅሊጦስነት መንፈስ ቅዱስ እተባረኹ፥ ልቦም ከፈቶም ድማ ከምኣ ታቶም ብመንፈስ ቅዱስ እተመልኡ ኪኾኑ ኣለዎም። ፍቓድ ኣምላኽ ድማ እዩ።**

>>>>> ኣብ ገጽ 37 ኣብ 2ይ ዓምዲ ይቕጽል >>>>>